# ሎሚ ናይ ቅድሚ ሳላሳ ዓመት
# 1975 ጎደናታት ኣስመራ

ደርግ ብሓይሉ ብ12 መስከረም 1975 ኣብ ስልጣን ምስ መጸ፣ ጉዳይ ኤርትራ ብሰላም ኣይፍታሕን'ዩ ዘሎ ሰብኣዊ ሓይልን ዓቕምን ኣንጻር ኤርትራ ከቕንዕ ኣለዎ ምስ በለ። ዕላማታቱ ንምዕዋት ካብ ዘወሰዶም ስጉምቲ፣

1. ኲናት ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ
2. መንእሰያት ምእሳርን ምቕታልን
3. ንብረት ምዝራፍን እንተዘይተኻኢሉ ድማ ምዕናውን ምንዳድን
4. ናይ ቤት ጽሕፈታት ሰራሕተኛታታን፣ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ብኢትዮጵያውያን ክትክኡ። ኤርትራውያን ድማ ንኢትዮጵያ ክቕየሩ ገበረ።



ደርግ ንዝተለሞ ዕላም ኣብ ግብሪ ንምውዓል፣ ደርግ ክሳብ ዝዳሎ ብ7 ጥቅምቲ 1975 ብኣማን ዓንዶም ዝምራሕ ንሽማግለታት ዓዲ ኣኪቡ ንሕና ሰላም ንደሊ፣ ንምእንቲ'ዚ ድማ ንደቕኹም ሰላም ክገብሩን ዓዶም ክኣትዉ ለምንዎም፣ ንሕና ምሕረት ክንገንረሎም'ና ክብሉ ጸኒሖም፣ ንኲናት ብሙሉእ ሓይሎም ምቕርራብን የካይዱን፣ ዘሎ ሰራዊት ንኤርትራ ኣጓዓዓዝዎ። ብወርሒ ጥሪ 1975 ድማ ኲናት ጀመረ።

31 ጥሪ 1975 ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሓጽሪ ግዜ፣ ካብ'ቲ ብተዛማዲ ሰላም ዝነበረቶ፣ ብሰንኪ ስርዓተ ሕጊ ኣልቦነን ናብ ናይ ቕተለት፣ ናይ ማእሰርቲ ዝርፋን ኮነት። ብሕታውያን ትካላትን ንኣሽቱ ዱኳናት፣ ውልቀ ሰባት ኣብ ውስጢ ገዝኦም ብሓይሊ ክዝመቱ ተራእየ።

ብዕለት 31 ጥሪ 1975 ሰራዊት ደርግ ልዕሊ ሰለተ ሽሕ ሰላማውያን ሰባት ቀተሉ። ጎደናታት ኣስመራ መርኣያ ዘይብሉ ብደም ኣጥልቕለቐት።

* ሕግን ስርዓትን ካብ ኤርትራ ፈጺሙ ጠፍአ። ብዓንተብኡ'ውን ኣይነበረን፣ ሂወት ኤርትራውያን ዜጋታት ኣብ ኢድ ወይ ኣብ ስልጣን ዝኾነ ይኹን ወታሃደር ደርግ ኮነት።

* መሊሻ ወይ ኣብ'ቲ ግዜ ብነጭ ለባሽ ዝፍለጡ ዝነበሩ፣ ዓብይ ስልጣን ተዋሂብዎም፣ ንዝጠርጠርዎ መንእሰይ ድማ ኣብ'ታ ቦታ ክሳብ ቅትለት ክፍጽሙ ከም ዝኽእሉ ገበሮም።

* ሓይሊ ባሕሪ ድማ ድማ ብወገኖም ተላዒሎም ንዘሎ መንእሰይ ንምጽናቱ፣ ብዝተፈላልየ ኣገባብ ክሓንቕዎን ቀቲሎም ከጥፍእዎን ጀመሩ።

* ጉጅለ ጭውያ (ዓፋኝ ጓድ) ዝኀበዘን ጸጉሪ ርእሱ ዘዘገፈ መንእሰይ፡ ምሁር ኤርትራዊ ብሕርያ ካብየ ቦትኡ ብመኪና እንዳምጸእካ፡ ኣብ ፈቖዶ ማይ ጭሆትን፡ ባርብሬላ ዝባን ስንቖይ፡ ገጀረት፡ ቤት ምኻእን ቤት ገርግሽ ኣብ ካልእ ዝጸመዎሎም ቦታታት ሂወት ክንደይ ኣጥፊኦም'ዮም።

ካብ'ዚ ኩሉ ብዓይነይ ካብ ዘጓነፈኒ ሞት መተዓብተይን ኣሕዋተይን ደቂ ገዛውትይ ድሕሪ ሳላሳ ዓመት ኣዘኻኽሩኒ።

ሎሚ እዛ ኣብ ላዕሊ ጠቢቓ ዘላ ስእሊ ጥራሕ ዘይኮነትስ፣ ናይ ዊዓ ብ 2001፡ ናይ ዓዲ ኣበይቶ ብ4 ሕዳር 2004፡ ከምኡ በቲ ቅድሚኡ ዝተኻየደ 17 ሓምለ ናይ ማይ ሓባር፡ ዳግማይ ናይ ትማሊ ናይ ዊዓ ተደማሚሩ ነቲ ኩነታት ኤርትራዊ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ምኽንያ፡ ብዘይፍርድን ክስን ክሳብ ናይ ሞት መቕጻዕቲ ብኣባላት ሰራዊት ጸጥታን ክፍጸም ክትርኢ እንክሎኻ'ዩ።

ብ1975 ቤት ትምህርቲ ምስ ተዓጸወ መንእሰይ ኤርትራ ኣብ ኣፍደገ ገዝኡ ኮይኑ ጸሓይ በርቒ ክሳብ ትዓርብ ብዛዕባ ጉዳይ ሃገሩን ኩነታት ኾናትን የዕልል፡ እቶም ሽዑ ኣብ ኣስመራ መዋጽኦ ዘይብሎምን፡ ካብ ኢድ ወታሃደራት ደርጊ ክወጹን ምሕረት ክረኽቡ ዘይክእሉ ምኺኖም ዝፈልጡ ግዜን ዕድልን ኣብ ዝረኸበሉ ኣብ ሰውረኦም ዝተጸነበሩን፡ ገና እቶም ሽዑ ዝዕቡን፡ ኣብ ከተማታት ተሰርያም ዝሰርሑን ተረፉ።

መንእሰያት ገና ንገድሊ ምውሓዝ ኣብ ዝጀመርሉ ደርግ ንዝረኸቦ መንእሰይ ማእሰርቲ ወይ ጥይት ፈሪድዎም እዩ።

ነዚ ንምትግባር ድማ ነጭ ለባሽ ከም ሕንዚ ተዘርኡ። ኣብ እዋን ኣብ ሓዝሓዝ ብርክት ዝበሉ መንእሰያት ኣብ ሓደ ቦታ ተኣኪቦም ክዕልሉ እንከለዉ ነጭ ለባሽ ኣኽቢቦ ሓዝዎም፡ ሓደ ካብ መስርዕ ከይወጽእ ድማ ትእዛዝ ሃብዎም፡ መንእሰያት ብቅድሚትን ብድሕሪትን ብብረት ተኸቢቦም ንቅድሚት መረሹ። ካብ'ቲ ናዝሬት ዝተባህለ ቦታ ( ናይ ቀደም ኣባሻውል) ኣብ ከባቢ ካምፓ ኣዙሮ ምስ በጽሑ እቶም መንእሰያት ሞት ከም ዘየትርፎም ስለ ዝፈለጡ ኣብ'ቲ ጸልማት ፋሕ ክብሉ ፈተኑ።

እንተኾነ ጥይት መጅሙ( ኣድራጋ) ስለ ዝተፈነወሎም

| | |
|---|---|
| ተመሃራይ መንእሰይ | ኣስፋሃ መድሃኔ |
| ሰራሕተኛን ኣቦ ስድራን | ማና ሓድገምበስ |
| ተመሃራይ መንእሰይ | በላይን |
| መንእሰይ | ወልዳይ ብዘይምሕረት ተቐተሉ። |

እቲ ጠያይት ክትኮስ እንከሎ ክሉ ስለ ዝሰምዐ፡ እቶም ደቆም ገዛ ዘየተመልሱ፡ ክሳብ'ቲ ናይ እቶ እቶ፡ ሕላፍ ግዜ ሰዓት ዝኣክል ኣብ በይቶም ተጸብዮም፡ ንጽባሒቱ ንደቆም ክደልዩ ምስ ወጹ ኣብ ጎደና ደቆም ተሰጢሖም ረኺብዎም።

ወላዲ ኣባዲ ዘይብሉ ሬሳ ደቁ ባዕሉ ተቐበሎ፡ ኣብ ኣለም ካብ'ዚ ዝኸፍእ ንወላዲ ከጋጥሞ ዝኽእል የልቦን።

ኣብ ኤርትራ ስርዓትን ሕግን ጠፊኡ መንእሰያት ንሞት ብዘይቕጽዕ ገበናት ብጥይት ክህረሙን ክወድቑን ክሞትን ፍጹም ዘይግባእ እዩ። እዚ ተደጋጋሚ ተግባራትስ ይትረፍ

ካብ መጀመርትኡ ዘይቕኑዕን ክድገፍ ዘይብሉ ስጉምቲ ብዘይወዓል ሕደር ጠጠው ክብልን፡ እቶም ነዚ ተግብራት ፈጽሙ ዝበሉን ዝደገፉን፡ ነዚ ተግባራት ዝርእዩ ዘለዉ ጀነራላትን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ሓለዋ ጸጥታ ፖሊስን ሓለፍቲ ህ.ግ.ደ.ፍን ኣብ ቅድሚ ፍርዲ ክቐርቡ ይግባእ።

ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ነዚ ተግብራት መፈጸምትኡ ክርእን፡ ፍትሒ ከንግስን፡ ካብ'ዚ ዓ ይነት ተግባራታን ናይ ቅትለት ፍጻሜታት ርሒቑ ድምጹ ከስምዕ ይግባእ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ናይ'ዚ ዓይነት ኣረሜናዊ ተግባራት ደጋፍን ተሓልቕን ከም ዘይኮነ ንዓለም ከፍልጥን፡ ጾር ሓርነቱ ክሸከም ይኽእል እዩ።

ሎሚ መንእሰይ ኤርትራ ማእከል ሕምብርቲ ከተማ ኣስመራ ሂወቱ ጠፊኡ ክስጣሕ፡ ብፖለቲካዊ ዓይኒ መግለጺ ዘይርከቦ ተግባራት እዩ።

መንእሰይ ካብ ዕስክርና ሃዲሙ ተባሂሉ ሞት ክፍርድ ስለ ምንታይ፡

ሓው ኣቦይ ካብ ዕስክርና ክልተ እዋን ብግዜ ጣልያንን፡ ብግዜ እንግሊዝን ከም ዝኣብየ ኣዛንቲውለይ፡ ብወተሃደራት ተታሒዙ ምእበይኡ ተሓቲቱ ድማ ኣነ ውታሃደር ክኸውን ኣይደልን እየ፡ ኣነ ክመሃር'የ በሎም። ደኹን'ምበር ኣብ መዕስከሪ ቦታ ደምቐምሓረ (ኣከለጉዛይ) ንገለ ኣዋርሕ መቕጻኣቲ ተዋሂብዎ፡ ፈጺሙ፡ ተፈቲሑ፡ ኣብ ድላዩ ድማ ከይዱ ትምህርቲ ጀመረ። ብድሕሪኡ ኣብ ግምሩኽ ይሰርሕ ጀመረ፡ ኢትዮጵያ ምስ መጸት ድማ ከምኡ ብኣስገዳስ ኣብ ውትህድርና ተመሊሱ ግን ሽዑ ድማ ተቓወመ ግን ኣብ ፊናንሳ ተመደበ።

ካልእ ተወሳኺ ሓበሬታ እታ ብሓልዮት ዘውዲ ኣርኣያ ዝተቐናበረት ታሪኽ መግዛእትን ብረታዊ ተጋድሎን እተርኢ ቪድዮ ፊልም፡ ሓደ ኣቦ ሕጂ ስሞም ዘይዝክሮም፡ ምስጣልያን ዝተዓስከሩ፡ ክዋግኡን ክዕስከሩን ከም ዘይደልዩ ገሊጾም፡ እቲ ሓለቓኦም ዝነበረ ጣልያን ድማ፡ ሓልፊ ክገብረካ'የ ሽጉጥ ክህበካ'የ እንዳበለ ይሓባብሎም ከም ዝነበረ ይገልጹ።

መንእሰይ ኣይዕስከርን ክብል ዝጸንሐን ዘሎን፡ ድሕሪ ሕጂ ድማ ክህሉ'ዩ። ኣብ ግዜ ብረታዊ ተጋድሎ ብረት ኣይንሕዝን ዝብሉ ብዙሓት ነይሮም'ዮም። መእበይኦም ተሓቲቶም ቅንዕና ምስ ዝህልዎ ድማ ኣብ ዘፍርይሉ ቦታ ይምደቡ ነበሩ።

ሕጂ ድማ ምስ እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዘይፍትሓዊ ምሕደራ መንእሰያት ክኣብዩ ካብ ሓደ ንላዕሊ ምኽንያት ክህልዎም ግድነት እዩ። እቲ ምኽንያት ድማ ብሰንኪ ሕግን ስርዓትን ብዘይምህላው ብኩሉ መዳያቱ ቅቡል ክገብሮ ዝኽእል ምኽንያት ኣሎ።

መግዛእቲ ንስለ ንህ.ግ.ደ.ፍ ክነቕፍ ፍትሒ ነይርዎ ኣይብልን። ግን ከኣ ሃገራውያን ምስ መግዛእቲ ባዕዲ ምስ ዝወዳደር እሞ ከኣ ተደጋጋሚ ግፍዒ ክትርኢ፡ ብፍጹም ካብኣቶም ንላዕሊ'ምበር ዘየብል ኣይኮነን።

መንእሰይ ንሳዋ ንኽይወርድን ወታሃደር ንኸይከውን ክመርጽ መሰል ክህልዎ ይግባእ። ሃገራዊ ማሕበር መንእሰይ ድማ ነዚ መሰል'ዚ ኽጣበቕ ኣለዎ። ግን ሃገራዊ ማሕበር መንእሰይ ንባዕሉ ኣብ ሳዋ ቤት ጽሕፈቱ ከርፊቱ መንእሰያት ዝገፍፍ እንተኾነስ፡ መሰል መንእሰይ ኤርትራዊ ኣብ ምክልኻል ከም ዘርከብ ዝተፈልጠ'ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ሽማግለ፡ ኣቦ፡ኣደ፡ ጓል፡ ወዲ፡ ህጻን፡ ሰበይቲ ሰብኣይ፡ ሰራሕተኛ፡ ተመሃራይ፡ ወታሃደር፡ ሲቪል፡ ተራ፡ መራሒ፡ ኣማሓዳሪ፡ ሚኒስተር ውሕስነት ዘለዎ ኣይኮነን።

እታ ሃገር'ውን ውሕስነት ዘለዋ ኣይኮነትን፡ ነዚ ውሕስነት ህዝብን ሃገርን ንምትካሉ ኣብ ቦትኡ ንምምላስን፡ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ድምጹ ከልዕልን ነዚ እከይ ተግባራት ክኹንን ክነጽግን፡ ንዓለም ድማ ከፍልጥን፡ ይግባእ።

ዝኽሪ ንስውኣትና

13 መከረም 2005
ኣንቶንዮ ተስፋይ